# ኤ ር ት ራ ና

ኣማን ሰላም ( ካብ ኤውሮጳ )




እዋኑ ኢዩ
ክፍታሕ ጸገማትኪ
ኤ ር ት ራ ና
እዋኑ ኢዩ
ሎሚ"ስ ክሓልፈልኪ
ኤ ር ት ራ ና
ሕድሪ ነይርዎም ጀጋኑኺ
በጃ ዝሓለፉ ምእንታኺ
ኤርትራና
ሎሚስ ተበጊሱ ኢዩ ዓጢቁ ህዝብና
ከተግብሮ ሕድሪ ጀጋኑና
እቲ ሓይሉ ሓይሉ መንእሰያትና
እቲ ተመክሮ ዝሓለፈ ትዕግስትና
እቲ መንገዲ ድሕነት ንሃገርና
ከነስተማቅሩ በጃ ዝተኸፍሉ ናጽነትና
መሉእ ሓርነት ክትለበስ ኤርትራና
ሰላም ቅሳነት ራህዋ ፍትሒ ሓድነትና
ማዕርነት ዲሞክራሲ መገዲ ጉዕዞና
ሰላም ክሰፍነኪ ኤርትራና
ማዕበል ህዝብኺ
ካብ ውሽጢ ካብ ወጻኢ
ተበጊሱ ኣሎ ከድሕን ናዓኺ
<u>ንሕና ኤርትራ ኤርትራ ንሕና</u>
<u>ኣሕሊፍና ኣይንህበክን ንኳና</u>
<u>ንስኺ ናትና ንሕና ናትኪ ኢና</u>

ኣይንኣምንን ኣብ ወልቀ ዲክታቶር ጎባጢና
<u>ዝብሉ ንሕና ንሱ ንሱ ንሕና</u>
መናወሕቲ ዕድመ ነዚ ገፋዒና
መጥፋእቲ ህዝብና ሃገርና
ዝጠለሙ ሕድሪ ስዉኣትና
እወ ተጠሊሞም
እዞም ሽግር ህዝቦም ዘይስመዖም
ኣዳናጊሮም
ሓቂ ኣምሲሎም

ምእንቲ ጥቅሞም
ንህዝቢ በዲሎም
ንሃገር ኣኽሲሮም
ድሕሪት ተሪፎም
ባዓል እከይ ተግባሮም
መ ር ገ ጸ ም
ኣንጻር ህዝቦም
ሽሞም ለዋዊጦም
በብይኑ ሕብሮም
ምእንቲ ስልጣኖም
ንኹሉ ጸቂጦም
እንዳ ተቀዚፉ መንእሰያትና
ኣጁኻ ዝብልዎ እዞም ጎዳእትና
ህ.ግ.ደ.ፍ ዘይመባልዕቲ ሃገርና
እንትርፊ ስላጣኑ ዘይሓሊ ንህዝብና
ንሃገር ንድሕሪት ኣትሪፉ
ንህዝቢ ናብ ስደት ኣጽዲፉ
እንታይ"ከ ገዲፉ
እዚ ጸይቂ ኣፉ
ሎሚ"ስ እንዳራኣይ ምግሓፉ
እዚ ጠላም ንብጸቱ
ጸልማት መገድታቱ
ኣንጻር ህዝቢ ሕንጻታቱ
ኣበይ ከይትበጽሕ ኣበይ ከይታኣቱ
ኣኺላ ማዓልቲ ፍርዱ ሞቱ
ምስቲ እከይ ስርዓቱ
ምስቶም ኮራኹር ደገፍቱ
2012 ዳሓን ኩኒ በልዎ ሳዓብቱ
ዓወት ህዝብና ኮይኑ ንምሸቱ
ጸሓይ ሓርነትና በሪቃ ኢያ
መገዲ ሓድነት ኣብ ልቢ ህዝቢ ኣትያ
እንዳ ሰረሕት ቂያ
ጀጋኑ ደቃ መንእሰያት ኣሎናኪ ካበሉ
ኣብ ኩሉ ክርናዓት ዓለም ዝተላዕሉ
ካብ ኣሜሪካ ክናዳ ኣውሮጳ ኣውስቱራልያ
ማእከላይ ምብራቅ ኢትዮጲያ
ኣብ ውሽጢ ሃገርና እንተላይ ኣብ ኢስያ
እ ን ዳ በ ሉ ይኣክል ክፉያ
ንስርዓት ኢሰያስ ንእሊያ

ዝኽሪ ንጀጋኑ ሰማእታትና
ሓድነትና ድሕነት ኤርትራና
ሓድነትና ሕድሪ ሰዉኣትና
ሓድነትና መገዲ ዓወትና
ኣማን ሰላም ( ካብ ኤውሮጳ )